


ምንጭታት ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ኣብ ሞንጎ ፖሊስን ጸጥታን ዝተፈጥረ ግርጭት፡ ጠንቀን ሳዕቤኑን ዝገልጽ ዝርዝር ይኹን ምስኡ ዝተኣሳሰር ክልተ ፍጻሜታት ሒዝና ቀሪብና ኣለና። ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ድማ ብምኽንያት ኣረጊት ናቕፋን ናይ ወጻኢ ሸርፊ (ሓዋላ) ኣብ ጸሊም ዕዳጋ ተዋፊሮም ተባሂሉ ብዙሓት ከምዝተኣስሩ ብዕለት15/01/2017 ብዕለት 19/01/2017 ኣቃሊሕናዮ ነይርና። ናይ ሎሚ ጽሑፍና ድማ ነቲ ዝሓለፈ መሰረት ገይሩ፡ ንተወሳኺ ምዕባሌታቱ ድማ ደሪዑ ቀሪቡ ኣሎ።

## <u>ጠንቂ ግርጭት ፖሊስን ጸጥታን።</u>

**ቀዳማይ ፍጻሜ፥** ኣብ ሞንጎ ፖሊስን ጸጥታን ብጠንቂ ኣገባብ ኣትሓሕዛ እሱራት ዝተላዕለ ዘይምቅዳው፡ እቲ ግርጭት ዓብዩ ስለዘሎ ካብ ዝለዓለ ኣካል ትእዛዝን ውሳኔን ይጽበዩ ከምዘለዉ ተፈሊጡ ኣሎ። ምኽንያት መበገሲ ግርጭት ብክልቲኦም ትካላት ነናቶም መግለጺ ኣለዎ። ፖሊስ ግና **ሰለስተ ሕጋዊ ጠለባት** ናይ እሱራት ኣቕሪቦም ይከራኸሩ። ንሳቶም ድማ፥

**<u>ቀዳማይ</u>**፥ ብጉዳይ ናይ ቀደም ናቕፋን ሓዋላን ኣብ ጸሊም ዕዳጋ ዝተኣስሩ ዜጋታት ፖሊስ ብግቡእ ክምርምሮ። ናይ እሱራት ጉዳይ ክጻርዩዎ። ናይ እሱራት ገዛ ፈቲሾም ዝረከቡዎ ንብረት ብኤግዚቪት ተታሒዙ ስለዘሎ ድማ ከም መርትዖ ኣሰንዮም ከቕርቡዎ ናይ ስራሕ ሕጋዊ ስልጣኖም ክኽብር ይጠልቡ። **ካልኣይ፥** ፖሊስ ንጉዳይ እሱራት ኣጻርዩ ገበናዊ ፍጻሜ ኣለዎ ንዝበልዎ ናብ ኣኽባር ሕጊ ከቕርብ። ንሳቶም ድማ ንትካሎም ዝህቦም ስልጣን መሰረት ንእሱራት ግቡእ ክሲ መስሪቶም ናብ ቤት ፍርዲ ኣቕሪቦም፡ ተኸሰስቲ ድማ ብሕጋዊ ኣገባብ ውሳኔ ክወሃቦም ከምዝግባእ ይሙጉቱ። ስለዚ ይብሉ ፖሊስ ኣኽባር ሕጊ ዝስከሞ ግዴታ ንጠለቦም ክኽብር፡ ወሳኒ ሕጋዊ መስርሕ ድማ ክፍጽም ምትሕብባሩ ከረጋግጽ ከምዝሓበሩዎ ይፍለጥ። **ሳልሳይ፥** ጸጥታ ኣብ ጉዳይ እሱራት ጣልቃ ብምእታው ንዝወስዱዎ ዘለዉ ተደጋጋሚ ዘይሕጋዊ ኣገባብ፡ ንስልጣን ፖሊስ ዝግህስ ስለዝኾነ እዚ ዘይሓላፍነታዊ ተግባር ክቋርጹ ከምዝግባእ ዘለዎም ተቓዉሞ ኣቕሪቦም ከምዝተማጉቱ ይፍለጥ።

ፖሊስ ቅድሚ ሕጂ’ውን ነዚ ሕጋዊ ምጉት’ዚ ከቕርቡ ከምዝጸንሑ ኣብ [http://togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/headingMap/2016/1005SW6-05RT.pdf](http://togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/headingMap/2016/1005SW6-05RT.pdf) ኣቓሊሕናዮ ነይርና።ኣትኣሳሲርኩም ብምርኣይ ድማ ዝያዳ ኣፍልጦ ንምሓዝ ይሕግዝ’ዩ ካብ ዝብል እምነት ተበጊስና ደጊምኩም ክትርእይዎ ብኣኽብሮት ንዕድም።

**ጠለብ ጸጥታ ፥** ናይ ኤርትራ ጸጥታዊ ትካል ፍሉይ ውዲት ዘለዎ ሰለስተ ጠለባት የቕርቡ። **ቀዳማይ፥** ብምኽንያት ናይ ቅድም ባጤራ ናቕፋን ሓዋላን ኣብ ጸሊም ዕዳጋ ተዋፊሮም ዝተታሕዙ እሱራት ፖሊስ ከረክቡዎም ጸቕጢ ይገብሩ ጸጥታ። **ካልኣይ፥**ንእሱራት ናብ ቤት ማእሰርቲ **መዕጥር** ኣኪብና ግቡእ መርመራ ክንገብር ይፈቐደልና ይብሉ። ምኽንያቱ ይብሉ ጸጥታ ጉዳይ እሱራት ኣጻሪና ናብ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ክሲ መስሪትና ብሕጋዊ ኣገባብ ውሳኔ መታን ክወሃቦም ነቲ መስርሕ ንምፍጻም ድማ እሱራት ኣብ ትሕቴና ክጸንሑ ይፈቐደልና ዝብል ጠለብ ኣቕሪቦም ፖሊስ ኤርትራ ነጺጉዎ ። **ሳልሳይ፥** ስለዘይኮነ ድማ፡ ጸጥታ ኤርትራ ናብ **ላዕለዋይ ኣካል** ዘቕረቡዎ ሓሳብ ድማ ፖሊስ ንእሱራት ምርካብ ፍቓደኛ ስለዘይኮነ እሱራት ክርከቡዎም **ትእዛዝን፡ ውሳኔን** ክወሃቦም መልሲ ይጽበዩ ከምዘለዉ ምንጭታትና የረጋግጹ። እንታይ ክውስንዩ ኢሰያስ?

***ዕላማ ናይ'ዚ እከይ ጸታዊ ውዲት*** ድማ፡ ናይ ገለ እሱራት ድሮ ብፖሊስ ተታሒዙ ዘሎ መርትዖ ከም ኣሽሓት ናቕፋ፡ ናይ ወጻኢ ባጤራን ካልእ ንብረትን መሰረት ዝገበረ'ዩ። ምኽንያቱ እቲ ዘይሕጋዊ ፍጻሜ ምስ ላዕለዎት ሰበ ስልጣናት ጸጥታ፡ ትካል ህግደፍን ጀነራላትን ምትእስሳር ዘለዎ ብመደብ ዝፍጸም ዘሎ ተግባር ስለዝኾነ፡ ጸጥታዊ ትካል ነዚ ናይ ላዕለዎት ሰበስልጣናት ሚስጥራት ንኽይቃላዕ ክከላኸል ኮነ ኢልካ Intentionally ብመደብ ዝተኣልመ ጸጥታዊ ጸወታ'ዩ ።

ምኽንያቱ ብቐዳምነት ብጸጥታ ዝተኣስሩ ኣብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ግቡእ ውሳኔ ዝተዋህቦም የለን። እንተሎ ድማ ብጀካ ከም ገበን ቅትለት ሰብ። ወይ ኣብ ማሕበራዊ ሂወት ደቂ-ሰባት ብውልቀ ሓደ ዜጋ ንካልእ ዝምስርቶ ሲቪላዊ ክሲ ብጉድለት እምነት። ወይ ናይ ንብረትን ትካልን ውዕልን ምክሕሓድን ወዘተ ዝፍጸም ክርክር ጥራይ ኣብ ቤት ፍርዲ ከምዝርኤ ኩሉ ህዝብና ዝፈልጦ ሓቂ'ዩ። ስለዚ ጸጥታ ኤርትራ ሓዲሽ ሕጋዊ ኣገባብ ክኽተል ዘይሕሰብ'ዩ ምኽንያቱ ባህርያቶም ኣይፈቕዶን'ዩ።

**ካልኣይ ፍጻሜ፥** ኣቦን ወድን ብሓንሳብ ተኣሲሮም። ወላዲ ነጋሲ ሃብተማርያም ይበሃል። **ድሕሪ ባይትኡ** ድማ ተጋዳላይ ስለዝነበረ ናይ ሌተናንት ኮሎኔል መዓርግ ወሲዱ ብሕማም ምኽንያት ከምዝተጣየሰ ይፍለጥ። ንሱ ንዱባይ እናተመላለሰ ኣብ ንግዲ ዓለም ተዋፊሩ ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ኣዋን ድማ፡ ምስ ሓጎስ ገብሪሂወት (**ኪሻ**) ሓላፊ ቍጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ጥቡቕ ዝምድና ከምዝነበሮ ይግለጽ። ወዱ ድማ እዮብ ነጋሲ ይበሃል። ኣቦን ወድን ክልቲኦም ብምኽንያት ዘይሕጋዊ ሸርፊ (ሓዋላ) ከምዝተኣስሩ ይፍለጥ።

ክፍሊ ዜናን ባህልን፡ ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ።
Email: uedf2012@gmail.com Website: erifront.com 21/ January/ 2017